# ጆነቭ ተዓዊታ ወዲቖም ጸላእታ

ተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ

19/11/2011 Norway

ጆኑቭ ተዛረቢ ንገሪ ንህዝቢ
እቲ ዝነበረ ኩነታት ኣንብቢ
ህግደፍ ከም ዝራዓዱ ተዛረቢ
ንዓዲ ኣብጽሒዮ ገለ ተጣበቢ

ህዝብና ክሕጎስ ተስፋ ክገብር
ከም ዝወደቐ ከም ዝኾነ ሕሱር
ዕምሪ ከም ዘይብሉ ከምዘይነብር
መንእሰይ ነቒሉሎ ብዘይ ጥርጥርር

ሕፍረት ጣዕሳ ንህግደፋውያን
ዓወት ንቑኑዓት ኤሪትራውያን
ውድቀት ንነት መስከረማውያን
ዘይኮነ ዘንቡቡ ሓሰውቲ መሲሓን

ሰሚዕናዮ ኢና ክትብሎ ዝቐነኻ
ምኩሕ መንእሰይ ብግብሪ ኣሪኡካ
ዘይተጸበኻዮ መልሓስካ ሓይኽካ
ብዘለካ ሕማም ምሕረት የውርደልካ

3000 ህዝቢ ተኻፊሉ ብነጻ ብሓራ
ብሎምስ ይኣክል ሕለናኡ ከበራብራ
ከም ህግደፍ ዘይኮነ ብሓይሊ ብፈኸራ
ካብቲ ዝወዓለ ዝበዝሐ ቁጽሪ ባንደራ

ክንድዚ ነርና ዝብሉ ኣጫርቕ ፈቒዶም
ተረኺቡ ድማ ሓደሓደ ጻረ ህዝቦም
ነዚኦምዮም ኣለዉና ዝብሉ ተጠሊያም
እንድዒ ንሳቶምኳ ሎምስ ተቐኒዮም

ጆነብ ጆነብ ኣቢልኪያ ሙሉእ ዓለም
ኣኪብኪዮ ንብዓል ሕልና ንዘይጥልም
ደኺመ ከሲረ ከይበለ ህዝቡ ከድሕን
ክሳብ ካብ ማዕዶ ካናዳ ኣይገርመክን

ጆኑቭ ታሪኽ ሰሪሕኪ ምንም ዘይርሳዕ
ኣኪብኪዮ መንእሰይ ክሙጉት ክጠርዕ
ምእንተ ህዘቡ ድምጺ ኣውያቱ ከስምዕ
ብወግዒ ብሕጊ ተንሲኡ ሞጉቱ ክረትዕ

ኤሪትራዊ መንእሰይ ኣንታ ጅግና
ጥዕናን ሓይልን ይሃብካ ሰሚዕካና
ንደኺምና ዝነበርና ኣበራቢርካና
ብሳላኻ ወንና ሓፍ ኢሉ ሞራልና

ናይ ጆኑቭ ታይ ክወጾ ጸባ ሰቲና
ዝጸልኣሉ ዝግተር ኣብ ቅድመና
ብሓቦን ቆራጽነትን ኣንቂል ኢና
ሕልና ዘለዎ ሃየ ይንቀል ይስዓበና
ሓቢርና ንቃለስ ምእንተ ህዝብና

*ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ*